# ጋዜጣዊ መግለጺ

## ኤርትራዊ ሃገራዊ ዲሞክራስያዊ ልፍንቲ
## ቀዳማይ ኣኼባ ሓጋጊ ባይቶታት ኣባላት ውድባቱ ዛዘመ

*ኤርትራዊ ሃገራዊ ዲሞክራስያዊ ልፍንቲ (ኤሃዲል)፡ ኣብ ክሊ ናይ ካልኣይ መድረኽ፣ ተመዲቡ ዘሎ ኣገባብ ኣፈጻጽማ ውጥን ጠቕላላ ውድባዊ ውሽጣዊ ህንጸት ንምብራህን ሓባራዊ ተረድኦ ንምርግጋጽን፡ ናይ ስለስተኡ ውድባት ሓለፍቲ ሓጋጊ ባይቶታት ዘማእከለዎ፡ ብሰንበት 19 ለካቲት 2013 ቀዳማይ ሰፊሕ ኣኼባ ኣባላት ሓጋጊ ባይቶታቱ ኣካየደ።*

*ላዕለዋይ ሓባራዊ መሪሕነት ኤሃዲል፡ ኣቀዲሙ ምስ ሓለፍቲ ስክረታርያታት ባይቶታት ኣካላት ልፍንቲ  ብዕለት 5 ለካቲት 2023 ቀዳማይ ምምኻራዊ ኣኼባ ብምካይድ፣ ኣብ 4ይ ስሩዕ ኣኼባኡ ዝጸደቐ ሓፈሻዊ ገምጋማዊ ጸብጻብ መሰረት ዝገበረ፡ ናይ ተወሳኺ ጊዜ ዕድመ ልፍንትን ኣገባብ ኣፈጻጽማ  ውጥን መስርሕ ምውህሃድ፣ ከምኡ'ውን ነቲ ተሰሪዑ ዘሎ መደባት ብጥብቂ ንምክትታትልን ምቁጽጻርን፣ ሓላፍቲ ሓገግቲ ኣካላት ልፍንቲ ዓቢ ተራ ከም ዘለዎም ንምሕባር ሰፊሕ ምይይጥ ከም ዝተኻየደ ተፈሊጡ።*

*ኣኼባ ኣባላት ሓገግቲ ባይቶታት፡ መሪሕነት ልፍንቲ ምእንቲ ናብ'ቲ ትጽቢት ዝግበረሉ ምስረታ ሓደ ውድብ ዘብጽሕ ኣገባብ ጠቕላላ ውሽጣዊ ውድባዊ ህንጸት ዘቀመጦ ሓፈሻዊ ገምጋምን ግብራዊ መደባትን ኣመልኪቶም ዓሚቝን ልዑል ሓላፍነታዊ መንፈስ ዝዓሰሎን ልዝብ ኣካይዶም። ካብዚ ሓባራዊ ርድኢት ብምንቃል ድማ፣ ዓይነታዊ ስጉሚ ንምርግጋጽ ነቲ ድሮ ተወጢኑ ዘሎ ፈኖተ ካርታ መሰረት ብምግባር፡ ነቲ ተሪፉ ዘሎ ጉዕዞ ንምቅልጣፍ ሃናጺ ለቦዋታት ሓሳባትን ኣቀሪቦም።*

*ኣብ'ዚ ኣኼባ'ዚ፡ ኣብ ዝተፈላለየ ክፍለ ዓለም ዝነብሩ ኣባላት ባይቶታት ኣካላት ኤሃዲል ብብዝሒ ተሳቲፎም ምንባሮም ክፍለጥ ተካኢሉ።*

*ክፍሊ ዜና*

*ኤርትራዊ ሃገራዊ ዲሞክራስያዊ ልፍንቲ*
*21/02/2023*